Eritreischer Verein 2 010 für Menschen mit Behinderung e.V.

Eritrean Disabled Association
ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ

# ምስዮት ድራር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ 04-04-23



ማሕበር ኣካለ ጽጉማት ኤርትራ ጨንፈር ጀርመን ንዕለት 01-04-2023 ናይ ድራር ምስዮት ንኹሉ‘ቲ ብስንኩላን ኤርትራውያን ዝግደስ መጸዋዕታ ኣቕሪቡ ምንባሩ ዝዝከር‘ዩ። በቲ ልሙድ ኣሰራርሕኡ ድማ ነቶም ኣብ መደበር ውጉኣት ሓርነት ከሰላ ዝርከቡ ኮነ ካብኡ ወጻኢ ዝነብሩ ሓገዝ ዘድልዮም ኣካለ ጽጉማን ኤርትራውያን ንምድጋፍ ብማሕበር ዝተዳለወ ድራር ዉጉኣት ሓርነት ኣብ ዕለቱ ኣገዳሲ ስራሕ ምክያዱ ክንጠቕስ ንፈቱ።
እዚ ብምኽንያት ሕማም ኮሮና-19 ንሰለስተ ዓመታት ኣቋሪጹ ዝነበረ፣ በዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ንመጀመርታ ግዜ ክሎም ኣባላት ማሕበር ኣሓትን ኣሕዋትን፣ ግዱሳት ኤርትራውያን ነባራትን ሓደስትን ዝተሳፈዎ ዕዉት ምሸት ምንባሩ ንገልጽ።ውጽኢት ምስዮት ብቑጠባዊ መዳይ ብርኩት ኣስተዋጽኦ ዘበርከተ ክኸውን ከሎ፣ ክሳብ 1880.00ውሮ (ሓደ ሽሕን ሸሞንተ ሚእቲን ሰማንያን) ኤወሮ ኣታዊ ኲይኑ ገና እቲ ወፈያ ቀጻሊ ምህላዉ ድማ ይፍለጥ።

በቲ ሓደ መዳይ ድማ ኣብዚ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ ምስዮትዚ፣ ብቕዳማይ ዝስራዕ እቲ ንነዊሕ እዋናት ብስሪ ተላባዒ ሕማም ተፈላልዩ ዝነበረ፣ ማሕበር ዘጥረዮ ፍቕሪን ሕድሕድ ማሕበራዊ ዝምድናታት ደጊሙ ምርኻቦም፣ ዝነበረ ፈገግታን ምንፍፋቕ ዝወለዶ ሳሓቕን ጸወታን ዓቢ ተረኺቦ ከም ዝነበሮ ኣብ ገጽ ነፍሲ ወከፍ ዝግለጽ እዩ ነይሩ።

ሓደ ካብቲ መሳጢን ሞራልን ዓቢ ፍናን፣ ዝህብን ኣብዚ ሓጺር ጊዜ ብኣቦ መንበር ማሕበር ሓው መስፍን መንግስቱ ብኣካል ንመደበር ከሰላ ከይዱ ኩነታት መነባብሮኣኦምን ሃለዋትን ዝሓዘ መልእኽቲ ብቪድዮ ተቐሪጹ ዝመጸ ንተሳተፍቲ ምስዮት ውዑይ ሓበሬታ ምንባሩ፣ ነቲ ምስዮት ዓቢ ተስፋን ሞራልን ዝሃበ እዩ ነይሩ። ቃል ናይ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኣባላት ኣካለ ጽጉማን ንዝሰምዐ ድማ ዝያዳ ሓቦን ኒሕን ዘዕጥቕ፣ ንመን ይሕግዝን የበርክትን ዘተኣማምን ድማ ነይሩ።

ሓደ ካብቲ ኣብ መወዳእታ ዝተዋህበ ርእይቶ ኣብ ሓጺር እዋን ዳግም ክግበር ለበዋ ብምቕራብ መደምደምታ ኰነ።

ምምሕዳር ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ
ጨንፈር ጀርመን